# ሥርዓት ትንሣኤ

## ሀ. ኣብ ማኅለት ዘለዎ

1. ሀየንተ ዋዜማ ራእይ ዮሓንስ እዩ። ብግዕዝ ኣቈጻጽራ ካብ 10 ሚሩ ድርሳነ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ምሥጢረ ትንሣኤ ይንበብ። ካብ ሰዓተ 1 ሚሩ ክህናት ምእመናን ኣብ ቤተ ክርስትያን ክርከቡ ይግባእ፡ ቀጺሉ ለሀ ማርያም ድርሳነ ፈያታይ ክሰምዑ ኣለዎም። ወድኅረዝ ሥርዓተ ማኅሌት፡ መራሒ ሰላም ለኪ.. ቀጺሉ ውዳሴ ማርያም ተሰመይኪ ፍቅርተ ይመርሕ፡ ተመራሒ እሰከ ፍጻሜ ይምራሕ፡ ወበእንተዝ ቁም ዜማ ብኅብረት በል፡ ተመራሒ "ታቦት..." ይቅጽል፡ እቲ ዝተርፈ ግን ብኅብረት ይከውን ብግሊ ክበሃል ይበሃል። ዘእንበለ ተመራሒ ፡ መራሒ " ለኪ ይደሉ.." ምስ ወድኤ "ወበእንተዝ፡ ጸሎታ .." ዝመም፡ ቀጺሉ ክህን ወካዕበ ናስተበቊዕ ለንግሥተ ኵልነ.. ምስ ኣብጽሐ ቀጺሉ "ቦኣ ኅቤሃ ወይቤላ ..." ቢልካ "ተፈሥሒ ማርያም ለኣዳም ፋሲካሁ .."መልክዓ ሥእል ይበሃል። ቀጺሉ መቅድምን (= ተኣምረ ማርያም) 3ቱ ተኣምርን ይንበብ፡ በብኣታ ግን መቅድም ኣይበሃልን ምክንያቱ 5500 ዘመን ኣብ ሲኦል ዝነበሩ ነፍሳት ዝወጽኡሉ ዕለት መድኃኒና መዋቅሕቲ ናይ ሞት ሰባቢሩ ካብ ሙታን ዝተንሥኣሉ ዕለት "ኣውገዘነ ወኣሰረነ በማእሰር ዘኢይፍታህ..፡ እናበልካ ንሕዝቢ ምውጋዝ ግቡእ ኣይኮነን ብማለት ንመቅድም ኣይቅበልዎን። ከማኡ ሥርዓተ ቅዳሴ ነቲ ናይ ዕለቱ ዜማታት ጊዜ ስለዝሓጽሮም ሥርዓተ ቅዳሴ ኣይግበርን። ካህን "እግዚኣብሔር እግዚኦ ..." ይብል፡ ዲያቆን ይሰብክ 3ተ ወንጌላውያን ማቴዎስ ማርቆስ ሉቃስ ይንበቡ። ዮሓንስ ኣብ ቅዳሴ ይንበብ። ድሕሪኡ መራሒ፡ "ኣርያም ሃሌ ሉያ ለኣብ.." ይመርሕ፡ ብኅብረት ይዝመም መራሒ ኣንገርጋሪ መሪሑ እሰመ ለዓለም "ትንሣኤከ ..." ምስ ኣመርገዱ ንኣኡ እናወርበካ ሥርዓተ ዑደት ይግበር።

2. ድኅረ ዑደት፡ ዘእንበለ ተሣሃልከ ሃሌ ሉያ ፡ ይእቲ ማርያም እምነ ከም ሥርዓተ መዝሙር የብጽሕ፡ ቀጺሉ ኪዳን ይበጽሕ፡ ወድኅርዝ ክህን "ክርስቶስ ትንሥኣ እሙታን .." እናበለ ንሕዝቢ መስቀል የሳልም። ቀጺሉ ሥርዓተ ምስማክ መራሒ እግዚኦ ጸወነ ኮንከነ .. ይመርሕ፡ ተመራሒ ከማኡ ኣብ ፍጻሜ መራሒ ስብሓት ለኣብ .. ለዓለም ኢሎም ተፈሣሕነ ወተሓሰይነ የዘሙ፡ ወድኅረዝ መዝሙር ይትፌሳሕ .. በል። መዘምራን ያሬዳውያን፡ መዝ፡ "ይትፌሣሕ ሰማይ ... " ምስ ወድኡ፡ ቅዳሴ ይእቶ፡

## ለ. ኣብ ማኅለት ዘይብሉ

1. ሀየንተ ዋዜማ ራእይ ዮሓንስ እዩ። ብግዕዝ ኣቈጻጽራ ካብ 10 ሚሩ ድርሳነ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ምሥጢረ ትንሣኤ ይንበብ። ካብ ሰዓተ 1 ሚሩ ክህናት ምእመናን ኣብ ቤተ ክርስትያን ክርከቡ ይግባእ፡ ቀጺሉ ለሀ ማርያም ድርሳነ ፈያታይ ክሰምዑ ኣለዎም። ወድኅረዝ ሥርዓተ ማኅሌት፡ መራሒ ሰላም ለኪ.. ቀጺሉ ውዳሴ ማርያም ተሰመይኪ ፍቅርተ ይመርሕ፡ ተመራሒ እሰከ ፍጻሜ ይምራሕ፡ ወበእንተዝ ቁም ዜማ ብኅብረት በል፡ ተመራሒ "ታቦት..." ይቅጽል፡ እቲ ዝተርፈ ግን ብኅብረት ይከውን ብግሊ ክበሃል ይበሃል። ዘእንበለ ተመራሒ ፡ መራሒ " ለኪ ይደሉ.." ምስ ወድኤ "ወበእንተዝ፡ ጸሎታ .." ብቁም ዜማ የብጽሕዎ፡ ቀጺሉ ክህን ወካዕበ ናስተበቊዕ ለንግሥተ ኵልነ.. ምስ ኣብጽሐ ቀጺሉ "ቦኣ ኅቤሃ ወይቤላ ..." ቢልካ "ተፈሥሒ ማርያም ለኣዳም ፋሲካሁ .."መልክዓ ሥእል ይበሃል። ቀጺሉ መቅድምን (= ተኣምረ ማርያም) 3ቱ ተኣምርን ይንበብ፡፡ ኣብ ርእሲ ሕጽረት ዜማ ዝክእሉ ዘይምህላው ናይ ኑዛዜ ነገር ስለዘሎ ጊዜ ስለዘየልቦ ሥርዓተ ቅዳሴ ኣይግበርን። ካህን "እግዚኣብሔር እግዚኦ ..." ይብል፡ ዲያቆን ይሰብክ 3ተ ወንጌላውያን ማቴዎስ ማርቆስ ሉቃስ ይንበቡ። ዮሓንስ ኣብ ቅዳሴ ይንበብ።
2. ድሕሪኡ መብራህቲ ወሊያም መስቀል ኣምሪሖም፡ ንትንሣኤ ዝምለከት ወረባት ከም " ኣማን በኣማን ተንሥኣ እምነ ሙታን ከማኡ ትንሣኤከ ..." ዝኣመሰሉ እናወርቡ ሥርዓተ ዑደት ይግበር።

2. ድኅረ ዑደት፡ ክህን "ክርስቶስ ትንሥኣ እሙታን .." እናበለ ንሕዝቢ መስቀል የሳልም። ምስ ወድኡ፡ ከም ሥርዓት " ሃሌ ሉያ ዮሴፍ ወኒቆዲሞስ .. ቅዳሴ ይእቶ።